# መልእኽቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ናብ 7ይ መጋባእያ ‘ቲካድ



ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር ሺንዞ ኣበ
ክቡራት መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን
ክቡራትን ክቡራንን ተጋባእቲ
ስለ’ቲ ዝካየድ ዘሎ 7ይ መጋባእያ ‘ቲካድ’፡ ንናይ መንግስቲ ጃፓን ዕቱብን ዘይሕለልን ተገዳስነት ንምምስራት ሽርክነት ምስ ኣፍሪቃ፡ ብስም መንግስቲ ኤርትራ ድገኛ (sincere) ምስጋና ከቕርብ ይፈቐደለይ።
ኣብ ውሽጢ’ዚ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ‘ቲካድ’ ካብ ዝተበገሰሉ፡ ብዓለም ደረጃ

ኣብ ኣመሪካታት፡ ኤውሮጳ፡ ኤስያ. . .ዝተኸሰተ ለውጢታት ደርማስ’ዩ። እንኮ-ቐጽራዊ ዓለም ንምፍጣር ወይ በንጻር ታሪኻዊ መጕት ክውን ንምግባር ዝተሃቀነ ኩሉ፡ ኣይተዓወተን። ቁጠባውን ልምዓታውን ዕብየታት ዝተፈላለያ ጕብለላት፡ ብዝተፈላለየ ናህሪ ሰጕሞም፡ ኣሰራርዓ ደረጃታት ተገላቢጡ። ብመንጽር’ቲ ምግልባጣት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለምና ዝርአ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ምሕቛናት፡ ኣስተብህሎ ዝሓትት’ዩ።
ኣብ ውሽጢ ከም’ዚ ዝበለ ድሕረ-ባይታ፡ ኣፍሪቃ ኣበይ ኣላ? ኣፍሪቃ፡ 60% ዓለማዊ ጸጋታት (endowments) ትውንን’ያ ትበሃል። እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ሓቂ ግን፡ ብኹሉ መለክዒታት ካብ ኩለን ክፍለ-ዓለማት ዝተዋሰነት’ያ። ኣፍሪቃ፡ ናይ ቅልውላዋት፡ ናይ ጥምየት፡ ናይ ልማኖ፡ ናይ ስደት፡ ናይ ሕማማት፡ ናይ መከራ. . . መመሰሊ ኢያ።
ድሕሪ ምኽታም መግዛእቲ፡ ንሓርነትን ናጽነትን ህዝቢታት ኣፍሪቃ ዝተቓለሱ “መስረትቲ ኣቦታት”/“founding fathers”፡ ተስፋ ዝህብ ቀስቃሲ (inspiring) ጕዕዞ ጀሚሮም ነይሮም’ዮም። ባህጎምን ትምኒቶምን ግን በኒኑ’ዩ ተሪፉ። ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 60

ዓመታት፡ ናይ ዕብለላን ምግባትን ሓይሊታት፡ ኣፍሪቃ ንምውሳንን (marginalize) ሃብታ ንምዝማትን ዘይፈተንዎ ሽርሒ'ኳ 'ተዘየለ፡ ቅድሚን ልዕሊ ኩሉን ዝሕመዩ ኣፍሪቃውያን ባዕሎም'ዮም። ኣፍሪቃውያን ነቲ ሽግር ባዕሎም ፍታሕ 'ተዘይረኺቦምሉ ኸኣ፡ ብምጽወታን ፈቐዶ መጋባእያታትን ድግሳትን ኵለል ብምባልን፡ ብዘይካ ድርብ ክሳራ ዝረኽብዎ ፋይዳ ኣይኪህሉን'ዩ።

ህዝቢ ጃፓን፡ 150 ሚልዮን ዘይከውን፡ ብዘይገዚፍ ባህርያዊ ትዕድልቲ፡ ካብ ሓሙኹሽቲ ወጺኡ፡ ነብሱ ሃኒጹ - ቅድም ተሰሪዑ'ዩ። ካብ ታሪኽ ዕብየት ህዝቢ ጃፓን ብዙሕ ትምህርቲ ኪቕሰም ይኽእል'ዩ። ኣብ መንጎ ጃፓንን ህዝቢታት ኣፍሪቃን ሓቀኛ ሽርክነት ናይ ምምስራት ዘሎ ዕድል'ውን ኣዝዩ ገፊሕ'ዩ። ዕዉትን ዘላቒን (sustainable) ሽርክነት ንምንዳቕ ግን፡ ብቑዕ ምውዳድ (setting) ይሓትት። 'ቲካድ' ከም ናይ ጽቡቕ-ድልየት ተበግሶ ጃፓን፡ ብኸም'ዚ ኪጕዓዞ ዝጸንሐ ኪቕጽል፡ ብዙሕ ትስፋው ስለዘይኩነ፡ ምስ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ዓለማዊ ምዕባለታትን መጻኢ ኣንፈታቱን (trends) ብውድዓውነት ተገምጊሙ፡ ንሓቀኛን ዘድምዕን ሽርክነት፡ ሓድሽ መርሓ-ጕደና ኪቕይስ እዋናዊን ግቡእን'ዩ። እዚ ናይ ሎሚ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ሓሳብ ክድህሰሶ ኸኣ እላቦ።

ምስ ኣኽብሮት

**28 ነሓሰ 2019 - የኮሃማ**